Pädagogische Hochschule St.Gallen

## ኣኮምፓኛ ፣ ካብ ስደተኛታት ስድራ ቤታት ንዝመጹ ቆልዑ ዕድል ናይ ትምህርቲ ምውሳኽ

ካብ ስደተኛታት ስድራቤታት ዝመጹ ቆልዑ ናብ ቀንዲ መባእታ ቤት ትምህርቲ ክጽንበሩ ኸለው፣ ሓገዝ ብወገን ተመሃሮ ማእከል ስልጠና መምሃራን ሳንት ጋለን ይወሃቦም።

## ፕሮጀክት ኣኮምፓኛ እንታይ እዩ፧

ኣብ ፕሮጀክት ኣኮምፓኛ ተመሃሮ ማእከል ስልጠና ምምህርና ሳንት ጋለን ንካብ ስደተኛታት ስድራቤታት ዝመጹ ቆልዑ ሓገዝ ይገብሩሎም። እዞም ናይ መጸኢ መምሃራን ነዞም ዝተጠቀሱ ቆልዑ ን ሹድሽተ ኣዋርሕ ዝኣክል እንዳተመላለሱ ይበጽሕዎም። ኣብ ሰሙን ሓደ ግዜ፣ ነፍስ ወከፍ ቆልዓ ኣብ፣ ኣብ ትምህርቲ ከጋጥሙ ዚኽእሉ ጸገማት ዘድሃበ በይናዊ ሓገዝ ይቕረብሉ። እዚ ፕሮጀክት ናይ ትምህርቲ ዕድላት ንካብ ስደተኛታት ስድራቤታት ዝመጹ ቆልዑ ንምግፋሕ እጃሙ የበርክት።

## ኣየኖት ቆልዑ ክሳተፉ ይኽእሉ፧

ወለዶም ሰደተኛታት ዝኾኑ ቆልዑ፣ ወይ ውን ዘሰንዮም ዘይብሎም ስደተኛታት ቆልዑ ኮይኖም፣ መባእታ ወይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ምብራቅ ስዊዘርላንድ ዝከታተሉ ካብዚ ፕሮጀክት ክጥቀሙ ይኽእሉ።

## እንታይ ዓይነት ሓገዝ፧

እዚ ዝስዕብ ይመስል

- ናይ ኣመሃህራ ጥበባት ማለት ሓደ ቆልዓ ከመይ ገይሩ ብኣዝዩ ዕውት ኣገባብ ትምህርቱ ክከታተል ከም ዝኽእል ይመሃር።
- ዕዮ ገዛን ኣብ ክፍሊ ዝወሃቡ ንጥፈታትን
- ኣቲ ቆልዓ ዝኾነ ምስ ትምህርቲ ዝተተሓሓዘ ሕቶ እንድሕር ሃልይዎ (ንኣብነት ታይም ቴብል፣ ዓይነት ኣገባብ ኣመሃህራ፣ ወይ ንጥቢ ኣወሳስዳ) እዚ ዝኣመሰለ ሕቶታት ይምለስሉ።

እዞም ተመሃሮ ናይቲ ቆልዓ ኲነታት ተገንዚቦም ነቲ ክህሉ ዝኽእል ጸገማት ይርእይሉ። በይናዊ ሓገዝ ምስ ዘድልዮ ምስ ናይ ክፍሊ መመህር ይመያየጡ።

## እዚ ሓገዝ ኣበይን መዓስን ይርከብ፧

ነፍስ ወከፍ ዝሳተፍ ቆልዓ ሓደ ግዜ ኣብ ሰሙን ሓገዝ ኪረክብ መሰል ኣለዎ። ብድምር ኣብ ሓደ ኣካዳምያዊ ዓመት ክሳብ ዕስራ ዝበጽሕ ኣኼባታት ምሶኦም ይህልዎ።

እዚ ሓገዝ መዓስ ይጅምርን፣ መዓስ መዓስ ከም ዝራኸቡን ምስ ነብሲ ወከፍ ቆልዓ በብሓደ ይስራዕ። ፕሮጀክት ኣኮምፓኛ ኣብ 2016 ዝጅምር ኮይኑ ኣብ ዝኾነ እዋን ክትጽምበሮ ይከኣል።እዚ ሓገዝ ኣብ ሞንጎ ስሩዕ ናይ ትምህርቲ ሰዓታት ኣብቲ ናይቲ ቆልዓ ቤት ትምህርቲ ይካየድ። ኣቶም ተመሃሮ ውን ነዚ ተራ PHSG ብጥንቃቀ ከም ዝዳለውሉ ይገብርን የሰንዮምን።

## ኣብ ፕሮጀክት ኣኮምፓኛ ንምስታፍ ክንደይ ክፍሊት የድሊ፧

ወለዲ ይኹኑ ቤት ትምህርቲ ዝኸፍልዎ ክፍሊት የብሎምን። ናይታ ቤት ትምህርቲ ኮሚኒቲ ቀረባት የዳሉ። ፕሮጀክት ኣኮምፓኛ ብPHSG ዝምወል ኮይኑ ብመልክዕ ልቃሕ ካብ ፈደራላዊ መንግስቲን (ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት)ማሕበር ፖውል ሺለር ዙሪክን ንናይ ምውህ ሃድ ፕሮጀክታት ዝተዋህበ እዩ።

### ሓደ ቆልዓ ብኸመይ ይምዝገብ፧

ናይ ቤት ትምህርቲ ኣመሓደርቲ ወይ ውን መምሃራን ምስቶም መራሕቲ ናይቲ ፕሮጀክት ብምምይያጥ ሓደ ወይ ክብኡ ንላዕሊ ቆልዓ ከመዝግቡ ይኽእሉ። ድሌት ዘለዎም ወለዲ ምስ ናይ ክፍሊ መምህር ናይ ደቆም ይመያየጡ።

**ብዝያዳ** ንምምሕዳር ፕሮጀክት ተወከሱ።

Prof. Dr. Sonja Bischoff, Pädagogische Hochschule St.Gallen, Notkerstrasse 27, 9000 St.Gallen, accompagna@phsg.ch, T +41 71 243 96 22
blogs.phsg.ch/accompagna/